## ካንሰር እንታይ ኣዩ?

ካንሰር ንብዙሓት ሰባት ዘጥቅዕ ሕማም ኣዩ ብዙሓት ሰባት ካንሰር ዝብል ቃል ክሰምዑ እንከለዉ ፍርሒ ይሕዞም እዚ ፍርሒ እዚ ድማ ብዛዕባ ካንሰር ሓበሬታን ኣፍልጦን ንከይረኽቡን ብእዋኑ መታን ከይከላኸልዎን ይኽልክል ብዛዕባ ካንሰር ብዝበለጸ ምፍላጥን ምርዳእን ነቲ ብዛዕባ ካንሰር ዘለኩም ፍርሓት ንክትገጥመዎ ይሕግዘኩም።

ካንሰር ዝተፈላለዩ ሕማማት ዘጠቃልል ኮይኑ ብዘይስርዓታዊ ኣገባብ ስርሓት ናይ ሰውነት ዋህዮታት ዝኸትሎ ጠንቂ ይመጽእ ናይ ደቂ ሰባት ሰውነት ብብልዮናት ዝቁጸሩ ደቀቕቲ ዋህዮታት ዝተሃንጸ እዩ እዞም ዋህዮታት እዚኦም ንኩሎም ኣብ ሰውነትና ዝርከቡ ክፍልታት ዝሃነጹ እዮም ከም ቆርበት ኣዕጽምቲ ልቢ ሳንቡእ ካልኦት ኣካላት ሰውነትናን ብስርዓታዊ ኣገባብ እዞም ዋህዮታት እዚኦም ባዕላቶም እናተራብሑ ነቶም ሰውነትና ዘቖሙ ኣካላት ይድግፉን ንክዓብዩን ይሕግዙን።

ዋህዮታት ብዘይሰርዓታዊ ኣገባብ ክራብሑን ክመቓቐሉን እንከለዉ እዚ መስርሕ እዚ ቱሞር(ጥረ) ኢልና ንሰምዮ ቱሞር በናይን( ካንሰር ዘይብሉ ጥረ) ወይድማ ማሊግናንት( ካንሰር ዘለዎ ጥረ) ክኸውን ይኽእል ብናይን (ካንሰር ዘለዎ ጥረ) ብጣዕሚ ዓቢ ኮይኑ ኣብ ካልእ ኣካላት ሰውነትና ዘይተመሓላለፈ ኮይኑ ብዙሕ ሓደገኛ ሳዕቤናት ከስዕብ ይኽእል ክዓግት ይጅምር ወይድማ ዘይስሩዕ ኣገባባት የኸትል መብዛሕትኡ ግዜ ብመጥባሕቲ ለጊሱ ክምእንደና ክዓቢ ኣይክእልን እዩ።

ማሊግናንት ካንሰር(ካንሰር ዘለዎ ጥረ) እቲ ጠረ ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ኣካላት ብምውራር ካልኦት ሓደስቲ ጥረታት ክፍሪ ይኽእል ኣዚ ኩነታት እዚ ድማ (ምታስታቲስ) ይብሃል ኣብ ማሊግናንት ካንሰር ዝለዎ ጥረ እቶም ዋህዮታት ኣተዓብብያኦም ምብዛሖምን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እዩ ኣብ ሓድ ሓደ ኩነታት ድማ እቲ ጠረ ብመጥባሕቲ ወጺኡ ክምእንደግና ይልዓል ወይድማ ኣብ ካልእ ክፋል ናይሰውነት ክዓቢ ይጅምር እቶም ናይ ካንሰር ዋህዮታት ተመሓላሊፎም ምስዝኾኑ።

## ካንሰር ብመንታይ ይመጸእ?

ለውጢ ኣብቲ ካፋል ዋህዮ ንምርባሕን ምክፍፋል ሴል ዋህዮ ዝቆጻጸር ለውጢ ምስ ዝርከብ ይፍጠር እዞም ለውጥታት እዚኦም ብሰንኪ ሮኽሲ ክመጹ ይኽእሉ ክም ሂፐታይትስቢ ወይቦ ውይድማ ሽጋራ ብምትካኽ ክመጹ ይኽእሉ ሳይንቲስት ክምዝሕብርዎን ዝሰማምዕሉን ሓድ ሓደ ዓይነት ካንሰራት ኣብ ደቅሰባት ብተደጋጋሚ ምስ ጠንቂ ካንሰር ዝኾኑን ዝስዕቡን ነገራትን ( ካርሰኖጅንስ)ንብዙሕ ግዜ ምስዝጋለጹ ካንሰር ከስዕበሎም ይኽእል ይብሉ እዞም ካርሲኖጅንስ ዝበሃሉ ነገራት ናይ ሰውነት ዋህዮታት ሴልስ ካብ ስሩዕ ኣገባብ ወጻኢ ንክዓብዩ ይሕግዝ ንምሳሌ ካርሲኖጅንስ ኣብዞም ዝስዕቡ ነገራት ይርከብ ጸረ ባልዕ ዘራእቲ ምድሓኒት ራድየሽን(ጽርጋወ) ናይ ከሚካልስ ስሚ ካብ ሽጋራ ዝወጽእ ጸሎሎ ጠቀር ብተወሳኺ ሽጋራ ብብዝሒ ምትካኽ ናይ ሳንቡእ ጎረሮ ፍሕኛ ካንሰር ከስዕብ ይኽእል ይኸውን።

ንሓድ ሓደ ዓይነት ካንሰር ናይ መዓናጡ ብልዕቲ ናይ ጡብ ናይ ሓንጎል ጠንቂ መምጺኢኦም ብሩህ ኣይኮነን ገለ ገለ ሕማት በዞም ዓይነት ካንሰራት ክጥቀዑ እንክለዉ ካልኦት ሰባት ስለምንታይ ዘይጥቀዑ ምኽንያቱ ክንፈልጥ ኣይከኣልናን ምፍዋስ ሄፐታይትስ ወይቦ(ሕማም ጸላም ከብዲ) ካብ ናይ ጸሓይ ምቅጻል ምክልኻል ከምኡውን ሽጋራ ምትካኽ ምቁራጽ ብካንሰር ንከይትጥቀዑ ይሕግዝ ።
ብእዋኑ መርመራታት ምክያድ ናይ ካንሰር ጠንቅታት ብእዋኑ ንምርካብ(ከይ ኣስፋሕፍሔ እንክሎ ኣብ ካላእ ክፍልታት ሰውነት ብእዋኑ ከይዓበየን ከየስፋሕፍሔን እንክሎ) መድሃኒት ንከሰርሕ ይሕግዝ ካንሰር ናይ ሞት ሓደጋ ቕድሚ ምስዓቡ።

ሓድ ሓደ ሮኽስታት ካንሰር ዘኸትሉ ተማሓላለፍቲ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም ካንሰር ተመሓላላፊ ኣይኮነን ኣብ ጥቃ ካንሰር ዘለዎም ሰባት ምዃን ካንሰር ክለግበኩም ኣይክእልን እዩ ሓድ ሓድ ዓይነት ካንሰራት ከም ናይ ጡብ ናይ መዓናጡ ካብ ሓደ ወለዶ ናብቲ ዝስዕብ ወለዶ ይመሓላለፉ እዮም።
እዞም ዝጠቀስናዮም ዓይነት ካንሰራት ኣብ ናይ ዓጽመ ስጋ ቤተሰብኩም ኣባል ምስ ምስዝህልዉ ንካንሰር ናይ ምቅላዕ ዕድልኩም ገፌሕ እዩ።
በዞም ኣብ ኣባላት ዓጽመ ስጋኹም ዝርከቡ ዓይነት ካንሰራት ንከይትጥቀዑ ብእዋኑ መርምራታት ትገብሩ።

*ክትጥንቀቁሎም ዘሎኩም ምልክታት ካንሰር እዞም ዝስዕቡ እዮም።*

- ክብደት ክተጉድል ከይፈተንካ ብዙሕ ክበደት ምስተጉድል
- ናይ ዓባይ ሰዓል ዘይኮነ ቀጻሊ ሰዓል ምስዓል
- ደም ምስዓል ደም ምምላስ ወይ ድማ ምስቀልቀል ዝተሓወሰ ደም ምስ ትርእዩ
- ኣብ ቆርበት ዝርከብ ብሮት ቅርጽን ሕብርን ምቅይያር ለውጥን
- ናይ ቆርበት ዘይሓዊ ቁስሊ
- ብርቱዕ ድኻም ናይ ሓይሊ ምጥላም ስምዒታታት ብዘይ ሓደ ምኽንያት
- ግሉጽ ዘይኮነ ቓንዛ

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮም ስምዒታትን ምልክታን ምስዝህልወኩም ካንሰር ሒዝኩም ማለት ኣይኮነን እዞም ምልክታት እዚኦም መንቀሊኦም ካልእ ክኸውን ይኽእል ሓደ ወይድማ ካብኡ ንላዕሊ ምልክታት ምስትርእዩ ጠንቂ መንቀሊኦም እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ኣብ ሓኪምኩም ብምኻድ ምርመራ ኣካይዱ።

ናይ ሓለዋ ጥዕና ምክልኻል ኣገልግሎትን ምፍዋስ ካንሰርን- ጥዕናኻ ንምሕላው ክትገብሮም ዘሎካ ነገራትን።

ናይ ሓለዋ ጥዕና ምክልኻል ኣገልግሎት ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ ጥዑይ ኮይንካ መታን ክትነብር ናይሰውነት ምንቅስቃስ ስፖርት ኣዘውትር ሰውንት ዝሃንጽ

መግብታት ተመገብ ሰውነትካ ተኸናኸን ናይ ካንስር ምልክታትን  ካልእ ናይ
ጥዕና ሙግዳል ስምዒታት ምስ ዝስምዓካ ብዝቐልጠፈ ብሓኪምካ ተመርመር
ሓኪምካ መርመራታት ንክትገብር ይእዝዘልካ ቅድሚ እቲ ካንሰር ምስፍሕፍሑ
ካንሰር ብእዋኑ ክትፍውሶ ቐሊል እዩ ሓኪምካ ካንሰር ከምዘይብልካ ከረጋግጽ
ይኽእል ይኸውን እቲ ካንሰር ኣብ መጀመርታ ምስፍሕፍሑ ምዝ ዝቕላዕ ግን
ንክትፍውሶን ኣብ ቁጽጽር ናይ ምእታውን ዕድል ክትረክብ ትኽእል።

በብዓይነቱ ዓይነት ካንሰራት ኣለዉ ገሊኦም ካንሰራት ንምፍዋሶምን ንምጥፍኦምን
ቀሊል ይኸውን ካብቶም ካልኦት ዓይነት ናይ ቀደም ግዜ ናይ ካንሰር ኣፋውስ
ብዙሕ ጎድናዊ ሳዕቤናት የስዕብ ነይሩ ንሑሙማትን የጸግሙ ነይሮም ሎሚ ግን
ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣፋውስን  ስሉጣት መሳርሕን ተማሂዞም ኣለው ንሕሙማት
ዝሰማምዑን ንክትጥቀመሎም ቀለልትን።
ካንሰር ብእዋኑ ምስዝቕላዕን ዝርከብን ሓካይም ዝለዓለ ዕድል ኣልዎም ስሉጥ
ብዝኾነ ኣገባብ  ካንሰር ንክፍውሱ ካንሰር ሒዙካ ማለት ብካንሰር ክትምውት
ኢኻ ማለት ኣይኮነን ካንሰር ዝሓዞም ሰባት ክፈወሱ ን ክድሕኑን ይኽእሉ እዮም
ብካንሰር ክመዋቱ ኣይክእሉን እዮም ካንሰር እንተድኣ ሒዙካ ተስፋ ክትቖርጽ
የብልካን ሕክምና ክተካይድ ብጣዕሚ እድላዪ እዩ  ምኽንያቱ መብዛሕትኦም ዓ
ይነት ካንሰራት ክፍወሱ ይኽእሉ እዮም።

ኣብዚ እትምልከቶ ዝሎኻ ሓብሬታ እዚ ሕቶ ምስዝህልወካ ወይድማ ብዝለዓለ
ብዛዕባ ካንሰርን ብእዋኑ መርመራታት ምክያድን  ክትመሃር ምስእትደሊ ምስ
ናይ ሃርቦርቪው ሓኪምካ ቆጸራ ብምሓዝ ተመርመር ዘይንቡር ምልክታትን ስምዓ
ታትን  ቀዳማይ ምልክታት ካንሰር ዝስዕቡ እዮም እትብሎም ምስዝህልዉኻ
ቆጸራ ብምሓዝ ብሓኪምካ ተመርመር።

ካብ ምጽሔት ኣሜሪካን ካንሰር ሶሳይቲ ዝተቐድሐ ብዛዕባ ካንሰር ክትፈልጦ
ዘሎካ ብሃርቦርቪው መዲካል ሰንተር ኤኤንሲኣርትን ሃውስ ኮልስ ፕሮግራም
ናይ ትርጉም ሓገዛት ካብ ኣክሰሲንግ ሄልዝ ኬር ኢንፎርመሽን ፕሮጀክትን
ክምኡውን ናሽናል ላይብራሪ ኦፍ ሜዲስን።